TEGADLO HAGERAWI HARNET ERTRA – EPLF – TIGRINA

1970s

# ተጋድሎ ሃገራዊ ሓርነት ኤርትራ

## ንመጽናዕቲ ዝቐረበ ጽሑፍ



PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

# ተጋድሎ ሃገራዊ ሓርነት ኤርትራ



ኤርትራ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪቃ እትርከብ፡ ብምብራቕ ምስ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብምዕራብን ሰሜንን ምስ ሱዳን ፡ ብደቡብ ምስ ኢትዮጵያን ጅቡትን እትዳወብ ሃገር እያ። ኣብ ዝተፈራረቑ ኣገዛዝኣት ናይ ኢምፔሪያሊስታውያን ኣቃውማምካ፡ ቁጠባ ንመስተፋሕፋሕቲ ቱሪዝማውያን ማሕበራውያን፡ ብዙሕ ንመግዛእታውያን ኣውሪዱ፡ በዚ ግዜና ድማ ንሃብቲ ሃገራ ንምርካብ ንመስተፋሕፋሕቲ ኢትዮጵያን መሬት ንምሕዛ ብዙሕ ህርፋን ኣሕዲሮሙ። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ታሪኽ ኤርትራ ታሪኽ ወረራን ምክልኻልን፡ ሓንሳብ ብግዙእ ሓንሳብ ብስዒር፡ እናተዓጻጸፈ፡ ታሪኽ ህዝባ ክኸውን ከይፈለዮ ታሪኽ ነጻነት ዝኸሰረ ኮይኑ ይርከብ።

እቶም ኣብ ኤርትራ ናይ መጀመርያ ተቐማጦ ካብ ሕጂ ሱዳን ዝመጹ ዝበሃሉ ፎሮም ወገናት፡ ኣብ ጋሽን ሰቲትን ዝነብሩ ዝነበሩ ኣፍሪቃውያን ነበሩ። ንሶም ድማ ግዝኦም ሕጂ ባዳን ብዙሓት ብሄረ-ሰብ ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ብሄራት እዮም። ብድሕሪኦም ሓማውያን ዝበሃሉ ካብ ሕጂ ሱዳን ዝመጹ ንሓንቲ ሓይሊ ዝሃብቶም ሰሜን ሱዳን ከምኡ ድማ ሕጂ ማዕከላይ ገዛእቶም ፡ ድሕሪኡ ሓማውያን ድማ ሴማውያን ዝበሃሉ ሴማውያን ካብ ደቡብ ዓረብ ንቀይሕ ባሕሪ ሰጊሮም መጺኦም። እቶም ካብ ሰሜን ሱዳን ዝመጹ ሓማውያንን እቶም ካብ ሰሜን ዓረብ ዝመጹ ሴማውያንን ተደቓቒሎም ሓደሽ ዝበሃል ሓዳስ ህዝቢ ኰይኖም ኣብ ምሉእ ኤርትራ ፋሕ በሉ። እዚኣቶም ካብቶም ቀዳሞት ዝነበሩ ህዝቢ ዝሓሸ ፍልጠት ክሳዕ ስልጣነ ድማ ነቶም ቀደምቲ ዝሕንጹ ዓብዪ ከኽሱ ርክብ ነበሮም፡ ከምኡ'ውን ሃገር ወጻኢ ንግዲ ክመሓደሩ ጀመሩ።

ብድሕሪ'ዚ ጥንታውያን ዝበሃሉ ሴማውያን ካብ ደቡብ ዓረብ መጺኦም፡ ሴማዊ ባህሊን ቋንቋ ግእዝን ተኸቲሎም ተቐሚጦም ተረፉ። ኣብ 6ይ ዘመን ድ.ል.ክ. ካብ ዓረብ ንግዳዊ ምስ ርእየቶ መስፋሕፍሕቶም ሓማውያን (ቤጃውያን) ካብ ምብራቕ ግዛኣን ሰሜናዊ ሱዳንን ንደቀ ስለዝወረሩ ናብ ኤርትራ ብምምጻእ ነቶም ኣብ ባርካን ሰሜናዊ ከበሳን ዝነበሩ በጃውያን ንክ በሳ ደፍኢዎም። እቶም ናብ ከበሳ ዝደየቡ በጃውያን ድማ ብግዲኦም ንቖሓሚት ወሪሮም ንኣኽሱማውያን ንደቡብ ገጾም ደፊኦዎም። እዚ ብሕሊ ኣዕናዊ ነቲ ዓቢ ዝነበረ ርግኣት፡ ቀዲሙ'ውን ብሓይሊ ብምውፃእ፡ እዚ ወረር እዚ መሰረት ምድኻም ናይ ንግስነት ኣኽሱም ኰነ። ኣብ ርእሲ'ዚ ብምብራቕን ደቡብን ብወረርቲ ዓሌታት ስለዝተወቕዐ ንግስነት ኣኽሱም ፈሪሱ ወደቐ። ኣኽሱማውያን ካብ ንደቡብ ገጾም ክስፋሕፍሑ። ከበሳን ሰሜናዊ ከበሳን ባርካን ብምሉኡ ብበጃውያን ተታሕዘ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ንዳሕር በጃውያን ኣብ መብዛሕትኡ ቦታታት ኤርትራ ፋሕ ኢሎም 6 ግዝኣታት መስሪቶም ይመሓደሩ ነበሩ። ዓረብ ዝበሃሉ ሓማውያን ድማ ብግዲኦም ወሪሮም ኣብ ደንከል ሰፈሩ።

ኣብ ወሰን 14ን 15ን ዘመናት እቶም ካብ ዝመጹ ዝበሃሉ ሓማውያን ኣብ ሳሕል

ደቂሓረኦም ድማ ካብቶም ንጣስንቶ ኣኽሱም ምስ ወደቐ ንደቡብ ተደሪኦም ዝነበሩ ሓበሻ ካብ ኢምበረይን ትግራይን መጺኦም ፡ ብሳግር ንገለ ሰሜኑ ንገሊኦም ኣብ ትሕቲ ግዝኣቶም ኣእተውዎም ። ብድሕሪ'ዚ ካብ ቋንቋ ንከበሳ ካብ ከበሳ ድማ ንቋንቋ ተሰቀጥቀ ወፈር እናተዘለለ ፡ እቲ ክወርር ዝኸይድ ሓይሊ እናተሰዓረ ተቐጺሉ ይቶርፍ ነበረ ። ብሸነኽ ደቡብ ምብራቕ ድማ ዓፋርን ካልኦት ሓጻውንትን ኩናታትን ብሳግር በቲ ነቲ ሰሜናዊ ንጉስ ናይ ኣዳል ዝሓብር ዝነበረ ዓንሰ ወይ ሱልጣን ናይ ኣውሳ ይገዝእ ነበረ ።

እብዚ ዘመናት'ዚ ዝነበረ ውሽጣዊ ግርጭታት ንገዕዳዊ ወፈር ምቹእ ስለዝነበረ ፡ ብ1557 ቱርካውያን ንምጽዋዕ ወሪሮም ንሰሜናዊ ገማግም ባሕሪ ኤርትራ ክሕዝዎ ኣንኸሱ ፡ ድንግ ዝበሃል ዓዲ ድማ ካብ ሱዳን እናነቐሉ ኣብ ቆላታት ባርካን ጋሽ ሰቲትን ወፈር ይፍጽሙ ነበሩ ።

ከምኡ'ዚ እዋን'ዚ ኣብታ ሕሒር ኤሮፓውያን ስርዓት ዝነበሩ ኣፍሪቃ ይትረፍ ፡ ኣብ ኤውሮፓ ኣውን ኣዝዩ ሕቶ ከም መንግስታት እንንፈልጠን ሃገራት ነይረን ንምባል ኣጸጋሚ እዩ ። ኣብ ኣፍሪቃ ብምሉኡ ናይ ጉሳታት ምምሕዳር ዝዓብለሎ ቀርጽራጽ ስልጣናት እዩ ዝነበረ ። ኤርትራ'ውን ከምኡ ፡ መብዝሕትኡ ከፋፍላታ ምድሪ ባሕሪ እናተባህለ ፡ ብራእሲታትን ባሕሪ ነጋሲታትን ደግያትን ሱልጣናትን እናመሓደረ በዓብዪኡ ብወፈር ባዕዳውያን እትሸገረ ሃገር እያ ዝነበረት ። ቱርካውያን'ውን ቀንዲ ሓይሎም ኣብቲ ገማግም ባሕሪ ግዝኣት ስለ'ምዘ ነዛ ናይ ሎሚ ኤርትራስ ኣብ ትሕቲ ሓደ ምምሕዳር ጠሪዖም ኣይገዝእዋን ።

ብ1869 መንደብ ሰወዝ ምስ ተኸፍተ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ናይ ዓለም ናይ ባሕሪ መጓዓዝያን ንግድን ዓቢ ኣስትራተጂካዊ ቦታ ሓዘ ። እዚ ንሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ፡ ብፍላይ ድማ ንኤርትራ ፡ ካብ ዝበለ ኢምፐርያሊዝምን ወተሃደራዊን ንግዳዊን ኣቓልቦ ምንጪ ናይ ዛዕባ ሓይሊን ገበረ ። ባህሪ ገዛኢ ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ገማግምን ካብ ኢሉ ገዛእቲ ክቕጽሎን ክስፋሕፍሑን ምስ ጀመሩ ፡ ብ1872 ግብጻውያን ንቱርካውያን ብምትካእ ነቲ ገማግም ባሕሪ ሓዝዎ ። ቀጺሎም'ውን ናብ ቆላታት ባርካን ጋሽ-ሰቲትን ክሳብ ከረን እስፋሕፍሑ ። ግብጻውያን ብቐይሕ ባሕርን ምዕራባዊ ቆላን ናይ ምስፍሕፋሕ ወፈሮም ኣናቀጸሉ ከለዉ ፡ ብሸነኽ ደቡብ ካብ ንጉስታትን ራእሲታትን ትግራይ ከበሳ ንምሓዝን ንገዛእ ርእሶም ካብ ወፈር ግብጻውያን ንምክልኻልን ናብ ሰሜን ገጾም ምስፍሕፋሕ ጀመሩ ። ብ1875 ግብጻውያን ንዝተፈረረ ግዝኣታት ንምሓዝ ፈቲኖም ፡ በቲ ዓመት'ቲ ኣብ ጉንደት ብ1876 ድማ ኣብ ጉራዕ ፈጺሞም ተሳዕሩ ።

እብዚ እዋን'ዚ ማሕዲውያን (ደርቡሽ) ኣብ ሱዳን ቃልስቶም ፈጢሮም ኣንጻር ዕብለላ ብሪጣንያን ግብጽን ብርቱዕ ናዕቢ ኣለዓሉ ። ኣብ ቆላታት ባርካን ጋሽ-ሰቲትን ኣናእተዉ'ውን ወፈር ይፍጽሙ ነበሩ ። ኣብ ሱዳን ዝነበረ ወተሃደራዊ ሓይሊ ምስ ተሳዕረ ግን ብሪጣንያ ዓቢ ራዕዲ ሓዘ ። ከምኡ'ውን እቲ ኣብ ጅቡቲ መደበር ዝነበረ ግዝኣት ፈረንሳ ንስንክል ኩሉ ንከይስፋሕፍሕ ሰጋእት ። በዚ ምኽንያታት'ዚ ብሪጣንያ ክልተ ኣንፈ ዝሓዘ ውዲት ኣለመት ።

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

ብሓደ ወገን ንጉስ ዮውሃንስ ናይ ትግራይ፡ ኣንጻር ማሕዳውያን ተቓዊሙ ክዋቃዕ'ሞ ብሰማንያ ነቲ ኣብ ኢዱ ማሕዳውያን ዝነበረ መሬታትን ኣፍሪቃ ባሕሪን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቱ ንምእታው ክትሕግዞ ተሰማሚዖም። በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ ብሪጣንያ ንሆሬታን ምስፍሕፋሕ ናይ ፈረንሳ ምእንቲ ክትከላኸል ብማለት ንኢጣልያ መሬት ኤርትራ ወሪራ ንክትሕዝ ኣፍለጠት። ብፍሕሶ'ዚ ዮውሃንስ ነቲ ምስ ብሪጣንያ ዝኣተዎ ውዕል ንምፍጻም ኣንጻር ማሕዳውያን እናተዋግአ ኣብ ሜዳ ውግእ ክመውት ከሎ፡ ብሪጣንያ ግን ማሕዳውያን ምስ ደኸሙ ነቲ ምስ ዮውሃንስ ዝገበረቶ ውዕል ብምጥሓስ ምስ ጣልያን ተሻረኸት።

ጣልያውያን ብዙሕ ከይጸንሑ ድማ ብ1882 ጣልያን ኣብ ዓሰብ ኣትዩ፡ ብ1889 ጣልያንን ምኒሊክን — ኣብቲ ግዜ'ቲ ናይ ሸዋ ንጉስ ዝነበረ — ገዛእትን ፈልዮም ናይ ኤርትራን ናይ ኢትዮጵያን ዶብ ብውጫሌ ውዕል ሓዙ። ኤርትራን ህዝባን ካብ ክንዮ ሓደ ሃገር መጠን ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ ምምሕዳር ክኣትዉ ጀመሩ። ካብ'ቲ ኣብቲ ካልኦት ኣፍሪቃውያን ኣቕሓ ዝነበረ ዝተመቓቐለሉ ጉዕዞ ግዝኣታት፡ ባዕዳውያን ገዛእቲ ኣትዮም ዝሃነ ዶብን ዝነበሩ ሃገራት፡ ኤርትራ ድማ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጣልያን ከም ሃገር ተመስሪታ ብኢኮኖሚን ብፖለቲካን ብባህልን ክትማዕበል ጀመረት። መግዛእቲ ጣልያን ኣብ ኤርትራ 3 ቀንዲ ሸቶታት ነበሮ፡- 1/ ንገባራውያን ሰብኣዊን ሃብቲ ኤርትራ ምምዝማዝ፤ 2/ ኣብ ፈኸንቲ ንዕቤን ዘዋቕዕ ህዝቢ ፈጢርካ ንኢጣልያ ናብ ኤርትራ ኣስፊሕካ ምስፋር፤ 3/ ንኤርትራ ናይ ምምሕዳርን ስንቅን ኣቕርቦትን መደበር ገይሩ ናብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ናብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ናይ ምስፍሕፋሕ ዕላማ መንቀሊ ንምግባር ነበረ። ኤርትራ ንናይ ቀረባ ርሑቕን ሸቶታት ባዕዳውያን ብኣቀማምጣኣ ዓቕምታ ብምንባራ ብቐጻሊ ክትህድን ክትዕብለለ ከላ።

ሃብታዊ ኢጣልያ ኣብ ሸቶታ ንምብጻሕ ኣብቲ ዝነበረ ፊውዳል ጉዳይ መንግስቲ ሓፈሻዊ ኢኮኖሚያዊ ምዕባሌን ሕብረተሰባዊ ለውጢን ክተምጽእ ተገደደት። ብፍላይ ድማ ድሕሪ ናይ ሙሶሊኒ ፋሺስታዊ ጉጅለ ኣብ ስልጣን ምምጻእ ናብ ኤርትራ ሚልዮናት ሊረታት ብምፍሳስ፡ ዘመናዊ ከተማታትን ወደባትን ጽርግያታትን ተሃኒጹ፡ ዓበይቲ ርእሰማላዊ ሕርሻታትን ኣብያተ-ዕዮን ተመስረተ፤ ሰፊሕ ናይ ምዕዳን ባሕርን ኣየርን ተኻይዱ፡ መራኸቢ መርበብ'ውን ተዘርግሐ። ነዚ ኩሉ ንምግባር ኤርትራዊ ጉልበት ብዙሕ መሃዪ እናተመዝመዘ ብዙሓት ኤርትራውያን ስለዝተጸለዉ ብሓይሊ ግዱድ ኣብ ኤርትራ ብምስራሕ፡ ብኡ ኣቢሉ ድማ ኣብ ከባቢ ከተማታትን ወደባትን፡ ዓቢ ኢኮኖሚያዊን ፖለቲካዊን ሕብረተሰባውን ምቕያር ተገበረ።

ናይ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጣልያን መዝሚዛ ስትራተጂታት ንህዝቢ ኤርትራ ንቕሓት ምጥማር ዋላ ዘይክኣለት፡ ኣብቲ ፍሉይ ዝነበረ ሕብረተሰብ፡ ንሓሳባት ዘለዎ ሕብረተሰባዊ

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

ኣብ ውሽጢ ሃገር ካብዚ ዝኣመሰለ ምትዕብባር እናተገብረ ከሎ፡ ብ1935 ኢጣልያ ንኢትዮጵያ ወሪራ ሓዘት፤ ድሕሪ ቍሩብ ግዜን ድማ ውሽጣዊ ግርጭታት ሃጸይነት ኤሮ ባርዕ 2ይ ውግእ ዓለም ተወለዐ። እቲ ኢጣልያ ዝሓበረቶ ቀጽሪ ክናተሳሃለ ስለዝኸሰረ ብተጣወቕቲ ዓባይ ብሪጣንያ ኢጣልያ ካብ ኤርትራ ብ1941 ወጸት።

እዚ ውግእ'ዚ ናይ ዓለማዊ ሃጸይነት ደኽምን ናይ ማሕበርነት ምሕያልን ኣስዓበ። ብግዲኡ ድማ እዚ ምቕያር ኣህጉራዊ ኩነታት'ዚ ነቲ ኣብ ሳልሳይ ዓለም ዝነበረ ዝነበረ ጸረ-ሃጸይነታውን ጸረ-መግዛእታውን ምንቅስቓስ መሰረታዊ ደገፍ ሃበ። እዚ ዓቢ ለውጢ ምዕባለ'ዚ ሃጸያውያን ዓለም ከፋፊሎ ደም ንኸቕጽሉ ስለዘገደዶም፡ ንመግዛእቲ ብሓድሽ መግዛእቲ ክትክኡ ተጓየዩ። በዚ መሰረት እዚ ሃጸያውያን ነቲ ዝለመድዎ ምምዝማዝ ሃብቲ ኤርትራ ዝቕጽልሉን ነቲ እስትራተጂካዊ ዝኾነ መሬት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምቍጽጻሮም ዘቐንጽሉን መንገዲ ንክረኽቡ ብዙሕ ውዲታት ክኣልዩን ብብዓይነቱ ክሰርሑ ክጥቀሙን ጀመሩ። ናይቲ ቀዳማይ ውዲት መራሒት ብሪጣንያ ነበረት፤ ዕላማኣ ከኣ ንህዝቢ ኤርትራ መቓቒላ፡ ፍርቂ ምስ ሱዳን ፍርቂ ድማ ምስ ኢትዮጵያ ብም ሕቓፍ፡ ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ህላወና ንምጥፋእ ነበረ። ነዚ ቀዳማይ ውዲት'ዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል እናተፈተነ ከሎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብወገኑ ድማ ሃገራዊ ናጽነቱ ንምርካብ ብንቕሓት እናተኣማኸበ ኣብ ዓወት ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ተሰለፈ። ብ1948 ግን እቲ ቀዳማይ ፖለቲካዊ ውድብ፡ ማሕበር ፍቕሪ ሃገር፡ ተመስረተት፤ መራሕቱ ዓብደልቃድር ከቢረን ገብረመስቀል ወልደን ኮይኖም ነበሩ፤ ዕላማኡ ባዕዳዊ ጭቁና ንምጥፋእ ነበረ።

ኢትዮጵያ ከም እሞ ናይ ስለያ ስርሒ ንምፍጻም፡ ብ1943 ንናይ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተሩ፡ ኮሎኔል ነጋ ሃይሊ፡ ንዝተባህለ ኣሕቲቱ ናብ ኤርትራ ለኣኸት። ብድሕሪኡ እውን ዳኞት ሀብተማርያም፡ ኣስፋሃ ወ/ሚካኤልን ኣብርሃ ወ/ታትዮስን ሰዓቡ። ቀንዲ ስርሖም ናይኢትዮጵያ ድማ ህዝቢ ክናኽሶ ንማሕበር ፍቕሪ ሃገር ካብ ፋሕ ፊንገራሕ ምእታው ነበረ። ኣዚ እንዶ ተግባር'ዚ ዝደገፍ ብሓፈሻኡ ኢትዮጵያን ዝኣሰሰ ውዲት ንህዝቢ ኤርትራ ንምክፍፋል ብርቱዕ ሃይማኖታዊ ስለክነትን ሽፍትነትን ኣለዓዓለ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ቤት ጊዮርጊስ ናይ ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ኣኼባ ተገብረ። እቶም ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ዝነበሩ ሰባት ንኽሳሕቡዎም ተጋኢሶም፡ ገሊኦም ምስ ኣደና ኢትዮጵያ ንሕብረት ክሰሱ ከሎው፡ ገሊኦም ድማ ኣብ ደቀባትን ዘይከተቱና ዝተኸፋፈሉ ኣብዚሒ'ሞ ብውዕል ንኽፋ በሉ፤ ንክልቲኡ ንሕዝባታት ነፊሒኦም ዝኸፍሉ'ውን ነበሩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ብ 1943 ኣብ ክልተ ጕጅለታት ተኸፍለት፦ ሓንቲ ጕጅለ ማሕበር ሕንደንት ወይ "ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ሓንቲ ኢትዮጵያ" ተሰምየ፡ መራሕቲ ገብረመስቀል ወልዱን ቴዎድሮስ ኪዳነን? ኮኑ። እንተኾነ ድማ ሰልፊ ናጽነት ኤርትራ ብዝብሎ ኣመቻቺሉ መንገዲ ብቶም ንሕብረት ናይ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ዝቃወሙ ዝነበሩ ሃገራውያን ኤርትራውያን ቆመት። ካብ እቲ ናይ ግዓቲ ፖለቲካዊ ምክፍፋል ኣብ ኤርትራ ጀመረ።

እቶም ንናጽነት ኤርትራ ዝቃለሱ ዝነበሩ ሃገራውያን ካብ 1943 ክሳብ 1946 ውሽጢ

ውሽጢ ምስጢራዊ ማሕበራት እናንጸሙ ካብ ኣስላምን ክርስትያንን ሓደሮም ዝቃለሱ ሃገራዊ ሰልፊ ንምምስራት ተላዕሉ። ብታሕሳስ 1946 ድማ ብስምምዕ ናይ ኣስላምን ክርስትያንን (ከምቲ ሓቂ ሓቁ ዝብሉዎ ብሃይማኖታዊ መንፈስ ዘይኮነስ፡ ናይ ህዝቢ ንምጥፋእ ምእንቲ ክጥዕሞ ብምግባር) ራቢጣ እስላሚያ (Moslem League) ብመሪሕነት ሰይድ ባክሪ መርጋኒን ኢብራሂም ሱልጣንን ኣብ ከረን ቆመት። ኣብቲ መስርዕ እዚ ድማ ብዙሓት ሃገራውያን 5
ክርስትያን ተሳተፉ። ብዙሓት ሰዓብቲ'ውን ረኸበት። ቀጺሉ ብየካቲት 1947 ሰልፊ ኤርትራ ንኤርትራውያን ኣብ ዓዲ ቀይሕ መንደፈራን ብመሪሕነት ራእሲ ተሰማ [illegible] ቆመት። ዕላማ ናይዚ ክልተ ሰልፍታት እዚኣተን፡ ማለት ራቢጣ ኣስላሚያን ኤርትራ ንኤርትራውያንን፡ ብምሉኡ ጥራዊ ስምምዕን ብሓቂ ተኻታሲንትን ናይ ኩሎም ሃገራውያን ኣስላምን ክርስትያንን፡ መጀመሪያ በበይኖም ቆይሞም ደሓር ብሓንሳብ ሰልፊ ናጽነት ኤርትራ ብምባር ተመሪሖም ንክሳዕ እዩ ዝነበረ።

ኣብ መንጎ ብጥሪ 1948 ናይ ኣርባዕተ ሓያላት ኮሚሽን (Four Power Commission) ኣብ ኤርትራ መጺኡ፡ ወኪሉ ናይ ራቢጣ እስላሚያን ኤርትራ ንኤርትራውያንን ድማ በቲ ንኤርትራ ኣብ ክልተ ንምምቃል ብብሪጣንያ ቀሪቡ ዝነበረ ሓሳብ፡ ተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ ንኸስምዕ ተኣኻኺቦም ንኒው ዮርክ ከዱ። ህዝቢ ኤርትራ ሽዑ'ውን ነቲ ናይ ባዕዳውያን ውዲት ክቃወም ክስተውዕሎን እንተዘይከኣለ፡ ነቲ ሃይማኖታዊ ሰዓብ ተመርኲሶ ብብሪጣንያ ዝቐረበ መደብ ምቕራጽ ኤርትራ ብሓቂ ድምጺ ነጺጉ። ኣብዚ ውሳኔ'ዚ ድምጺ ብዘይምውሳብ ኢትዮጵያን ንሃጸይነት ጀመን ዕሽክርናታን ንፖለቲካዊ ህልውና ኤርትራ ጸለምን ኣራጊጾት። ስለዚ ተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሓይሊ ድምጺ ናይ ሃገራት ዓበይቲ ዓለምን ማሕበርነታውያን ሃገራትን ስለዝሰዓረ ድማ ባይቶ ሕቡራት መንግስታት ነዚ መደብ'ዚ ነጸጎ። እዚ ኸኣ ካብቲ ዓበይቲ ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ባዕዳውያን ገዛኢትን መስፍሕፋሕትን ኣብ ዘካየዶ ታሪኽ ዝሓለፈ ኤርትራ እዩ።

ብድሕሪ'ዚ ንኤርትራ ፍሉይ ሰለስተ ንምክፍፋል (ካብመሓራን ከበሳን ምዕራባውን ንምፍላይን፡ ሰራየን ኣከለጉዛይን ሓማሴንን ንኢትዮጵያ፡ ከበሳን ባርካን ሳሕልን ድማ ንብሪጣንያ) ዝብል ሓሳብ ቀረበ። እዚ'ውን ከምቲ ናይ ቀደም፡ ብባይቶ ሕቡራት መንግስታት ተነጸገ። ብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ኤርትራ፡ ብዘይካ ማሕበር ሓድነትን ራቢጣ ኣስላሚያን ኤርትራ ንኤርትራውያንን፡ ብዙሓት ካልኦት ፖለቲካዊ ሰልፍታት ቆይመን ይንቀሳቐሳ ነበራ። ብሓደ ወገን ማሕበር ሓድነት ንሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ክተዓጻጽ ነበረ፡ በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ 8 ሰልፍታት (ራቢጣ ኣስላሚያ፡ ኤርትራ ንኤርትራውያን፡ ህዝባዊ ወጠን፡ ኢጣሎ-ኤሪትሪያ፡ ሙስሊም ኢጣልያ፡ ሸተራን ዲ ጉራ፡ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኢንተለክችዋል) ቀጽሪ ናጽነት ኤርትራ (Eritrean Independence Bloc) ዝብል ማሕበር ብምምስራት ንናጽነት ኤርትራ ይቃለሳ ነበራ። ቀጽሪ ናጽነት ኤርትራ ሽሕ'ኳ ብጋ ብዝተፈላለየ ብሰላማዊ ብዕዮን ብስልጣን ዝተኣሳሰራ ሰልፍታት ቆይማ እንተነበረት፡ ብሓደ ድምጺ "ናጽነት" ብምባል ንሕቡራት መንግስታት ሃረርታ ህዝቢ ኤርትራ ንሃገራዊ ናጽነት
[illegible]

ኣፍለጠት:: ጥርዓኖም ብምምልካት ንኩነታት ኤርትራን ድሌት ህዝብን እተጻሪ ብ5 ሃገራት

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

(ኖርወይ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ በርማ፡ ፓኪስታን፡ ጓቲማላ) ዝቖመት ናይ ሕቡራት መንግስታት ኮሚሽን ብ1950 ናብ ኤርትራ ተላኢኻ፡

እንተኾነ ግን እታ ኮሚሽን ናብ ኤርትራ ቅድሚ ምምጻኣ ብሌጋሲን ኢትዮጵያን ምስ ሓይሊ መስፍናውያን ተማኺሮምን ንቃልሲ ናጽነት ኤርትራ ንምትፍናን ብርቱዕ ጸቕጢ ገበሩ። በዚ ምኽንያት እዚ ዕጡቕ ጸቕጢ ጉድኣታት፡ ማለት ራቢጣ ኣልእስላምያ ናይ ምዕራባዊ ኤርትራ (Moslem League of Western Eritrea) [illegible] ብምብራሕ ... ራቢጣ ኣልእስላ ሚያ (Independent Moslem League) ብመሪሕነት መሓመድ ዑመር ቃዲ ዝቖመት ናብ ራቢጣ ኣልእስላምያ ተፈንጨለት ወዲ። ... ሕብረት (Liberal Unionist Party) እንተበሃሉ ብመሪሕነት ... ተሰሚዖም ... ናብ ኤርትራ ንኤርትራውያን ተፈልዩ። ብሓደ ... ፍንጫል ... ከኣ ... ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ... እዩ። ኣብ ... ብሌጋሲን ኢትዮጵያን ... ብምንኣስ ... 1950 ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ... ናይ ... ኣብ ናይ ... ።

ግዳ እታ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኮሚሽን ነቲ ዝነበረ ኩነታት መርመረ፡ ነቲ ብዙሕ ... ዝዘርግሐ ... ናይ ... ተኻኢሉ፡ ምዕባሌ ... ህዝቢ ... ከምዚ ዝስዕብ ... ተመልከተ፦ (1) ኖርወይ ብናይ ኤርትራ ... ምስ ኢትዮጵያ ... ኤርትራ ... ምዕራባዊ ኤርትራ ... ኣብ ... ብብሪጣንያ ... ። (2) በርማን ደቡብ ኣፍሪቃን፡ ... ናይ ... ኤርትራን ... ናይ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ... ፌደረሽን ... (3) ፓኪስታንን ጓቲማላን ... ኤርትራ ን10 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ሕቡራት መንግስታት ... ናጽነታ ... ዝብል ውሳኔ ኣቕረበ።

እቲ ... ብመሪሕነት ... ናጽነት፡ ብኣመሪካ ... ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ... ፌደረሽን ... ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ... ናጽነታ ... ኣብ ... ዝገበረ ነበረ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ... ኤርትራ ... ኣብ ... ናጽነታዊ ... ኣብ ኤርትራ'ውን ... ብሊግን ... መሪሕነት ... (... ዝተባህለ) ... ነበረት። ... ብበርማን ደቡብ ኣፍሪቃን ... ፌደረሽን ... ኣብ ... ናይ መንግስቲ ኤርትራን ... ናይ ... ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ... ነበረ፡ ... [illegible] ... ኣብ ናይ ... ኣብ ሕቡራት መንግስታት ዝነበሩ ... ህዝቢ ኤርትራ ... ተቐበሉ።

እዚ ድማ "ኢትዮጵያ ክፍለ ባሕሪ ክትረክብ ኣለዋ፤ ጸጥታን ሰላምን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ክሕሎ ኣለዋ፤" ወዘተ፡ ክናበሩ ነቲ ሰሓን ኣገባብ ናይ ሕቡራት መንግስታታት ዝረድኦን ዝቐረበ መረዳእታ ዩ፡ ሓደ ውሳኔ ገዲሱ ሓንጺጹ ምስ ከፍረበት ብጽብጽ ብባዕሉ ሕቡራት መንግስታታት ስለ ዝጸደቐ፡ ንኤርትራ ብፈደረሽን ኣርዑት ምስ ኢትዮጵያ ከቕርና፡ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ንኽትውሕጣ
ባዕላዊ መሰላት ብሓፈሻ ኣብ ኤርትራ ክሕሎ ኢትዮጵያ ብዝምልከት ዘሎ ኤርትራ ንእዲ ብሓበሬታ ኣብ ኤርትራ ኣይተውሃበን።
ሕጋዊ ንሕጋገብ ክውሃባ። ኣመሪካ ድማ ሓፈሻ መግዛእታ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብምሉእ ስፍሕታ፡ ክንዮ ወተሃደራዊ መደበር ብምትካልን ኣብ ፈንክስ ዘሎ ፓታሸን ኣብ ግምጋም ባሕሪ ዝርከብ ዘይትን ጋዝን ብምምዝማዝ ቀጺላ ተኸሊላ ኣላ።

እታ ብድሕሪ ዝተኸፈተ መስፍናዊት ኢትዮጵያ ብሓይሊ ንኤርትራን ንምውሓጣ ብዘካይዶ ድማ ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ መዝኣታ ክትገብር ናይ ባሕሪ ክፍለ ንምርካብን ዛዕባ ንምሉእ ዝገዝእ ተቓውሞ። ነዚ ኣብ መፈጸምታኡ ንምብጻሕ ከካ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ሃጸይነት ጸቕጢታትን ጭርሖታት ብምውሳድ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ኣህጉራዊ ሓገዝ ክናረኽበት ኣብ ፊዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ግፍዕታ ጀሚራ።

ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ትገብሮ ህዝቢ ኤርትራ ፖለቲካዊ ሰብኣዊ መሰላት፡ ናይ ጽሑፍን፡ ምእካብን፡ ምውድዳብን፡ ካብኡ ሓሊፉ መሰረታዊ መሰላት ንምጥፋእ ዝርከብሉ፡ ሃገራዊ ተቓውሞ ዝልዕሉ ግዚ ዝዀነ ሃገራዊ መንቀሳቐሲ ዘይብሉ ምንቅስቓስ ብምንጻግ፡ ንኹሉ ውዳቤ ሃገራውያን ብሓይሊ ተቓሊሱ ኣብ ባይቶ ብበጽሒ ኣፍረሶ ኣዕንዮ፡፡ ቀጺሉ ናይ ኤርትራውያን ኣብ መንግስቲ ዘሎ ተመሳሳሊ፡ ንዝኾነ ሃገራዊ መሰላት ዘይፈልጥ፡ ብሰንኪ ዘይተወሃሃደ ብሓይሊ ጅኦግራፊ ውሑዳት ምትእስሳር ክንደይ ኣፍረሶ ኣዕንዮ። ስለዚ መግዛእቲ ብሓይሊ እቲ ክሳብ ሕጂ ሰፊሕ ህዝቢ ኤርትራ ክልተ ዘሎ ናይ ብሄራትን ዓሌታትን ሃይማኖታትን ናይ ሃገራዊ መንነት ሽግራትን መሰታት ዝተፈጸሙ ግዜ ኢዩ።

ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ክትገብሮ ምስ በለት ናይ ሕቡራት መንግስታታት ፈደረሽን ውሳኔ ጥሒሳ፡ ናይ ኣዋጃን ጽሑፍን መሰል ሓሪማ፡ ናይ ናይ ህዝቢ ማሕበራትን ፖለቲካዊ ሰልፊታትን ደምሲሳ ነፊጋ፡ ቋንቋታትን ባህልታትን ኤርትራ ብቋንቋኣ ባህላን ተኪኣ፡ ሃገራውያን ኣናሃደነት ኣብ ቤት ማእሰርቲ መቒሓ፡ ህዝቢ ንምፍራሕን ምንቕስቓሱ ንምዕፋኑ ዓዲ ናይ ውስትኣሕፍራ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣብ ከተማታት ኤርትራ ኣንቀሳቐሰት።

እዚ ከኣ ኣብ ልዕሊ ከተማታት ኤርትራ ሰፊሕ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ፈጢሩ ተጋዲሉ ህዝቢ ኤርትራ ብሰላማዊ ሰልፍታትን ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ሃገራውያን ኣብ ጎደናታት ወጺኦም፡ ኣብ ብዙሓት ዓበይቲ ከተማታት ናይ ኤርትራ ብርቱዕ ተቓውሞ ምስ ኣርእዩ ብዙሓት ተቐቲሎም ተኣሲሮም። እቲ ብመስፍናዊት ኢትዮጵያ ዝተገብረ ዝተፈላለየ ግፍዕን ምትሃዛልን ክሳብ ኣብ ዕርዲ ኣይበጽሐን። ብፍላይ መስፍናዊት ኢትዮጵያ ኣብ ምዕባለ ናይ ፈደረሽን ዝነበረ ብ1958 ምስ ኣውረደት ህዝቢ ኤርትራ ካብ ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ካልኦት ሃገራውያን ዝተላዕለ "ናጽነት ንኤርትራ!" ወይ "ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ" ዝተባህለ ምስጢራዊ

8

ማሕበር መሰረት ሃገራዊ ምንቅስቓስ ክመርሖ ጀመረ።

ኣብ ቶሎ ምስራሑ ናይዚ ማሕበር'ዚ፡ ብፍላይ ኣብ ከተማታት ኤርትራ ኩሉ'ኳ ኤርትራውያን ብሓፈሻ ኣንጻር ግዝኣት ባዕዲ እምበር ብርቱዕ ተቓውሞ ገበሩ። ነዚ ምንቅስቓስ'ዚ ንምዕፋን ይኹን ብፍላይ ግዝኣት ኢትዮጵያ ኣዕኒሉ ነበረ። ምስ'ዚ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝነበረ ምንቅስቓስ ከይኑ ኣብ ወጻኢ ተሰዲዶም ብዝነበሩ ሃገራውያን ኣብ ባይቶ ሕቡራት መንግስታት ብዛዕባ ናይ ፍትሒ ጥርዓንን ክብቲን ይቕርብ ነበረ። ሕቡራት መንግስታት ግን ብዙሓት ሃገራውያንን ኩሉኹሉምን ዝተባብዑ ባይቶ ስለዝኾነ ንድምጺ ኤርትራውያን ጸማም እዝኒ ሃበ።

ፍረ ናይዚ ኩነታት'ዚ ዓቢ ስጉምቲ ኣብ ንቕሓት ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ፡ ሰላማዊ መገዲ ጥርዓን ናብ ዓመጽ ወይ ናብ ናጽነት ብብረት ዝኸይድ መገዲ ክምዘድሊ ኣረጋገጸ። እንተኾነ ግን እታ ነዚ ምንቅስቓስ'ዚ ትቃወም ዝነበረት ምስጢራዊት ማሕበር ንጹር ፖለቲካዊ መስመር ስለዘይነበራ፡ ኣብ ሓሓሊፉ ናይ ጠንቂ እዋን ወተሃደራዊ ተጋድሎን ምምሕዳራን ተደሃይ ስለዝነበረት፡ ንገድሊ ኤርትራ ብቑዕ ሓላፍነት መሪሕነት ክትህብ ኣይክኣለትን። ብዚ ምኽንያት'ዚ ሓሚድ እድሪስ ዓዋተ ኣብ ወጻኢ ዝነበሩ ተሰደድቲ ሮቲ ብሓቂ ዝነበረ ኩነታት ብምጥቃም ናይ ውድብ መሰረት ወሲዶም ብዓዲ ብ... ፖለቲካዊ ሕንጻጽ ነቲ ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ተጋድሎ ብመስከረም 1961 ብ... ጀሚሮም "ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ" (Eritrean Liberation Front ወይ ጀብሃ ...) ብዝብል ስም ክጋደሉ ጀመሩ። ነዚ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ውሽጢ'ውን እንተዘይረኸበ፡ እስኪ ከሎ ስለዝኾነ ዓዲ ኢትዮጵያ ነቲ ንዓባ ናይ ፌደረሽን ብ1962 ቀንጢጣ።

ብንጹር ሰውራዊ ኣረኣእያ ዝተሰነየ፡ ኣብ ሰውራዊ መትከላት ዝተመስረተ፡ ንምሉእ ህዝቢ ዘሳትፍን ንረሃጻኡን ንሰላምኡን ዝውሕስ ሕንጻጻት ዘይብሉ ተጋድሎ ናይ ዓወት ውሕስነት ክህልዎ ስለ ዘይክእል ኩሉ ግዜ ወሳኒ እዩ። ናይ "ጀብሃ" ብረታዊ ተጋድሎ ብሓጺር ክፋት ኣብ ወጻኢ ዝነበሩ ተሰዲዶም ተመሪሖም፡ ብዘይ ሓደ ብናህሪ መስመር "ንሕና ብረት ነምጽኣልኩም ንስኻትኩም ተዋጉኡ" ተባሂሉ፡ ነቲ ኣብ በረኻ ወጺኡ ዝነበረ ሓሚድ ዓዋተ* ምስ ሰዓብቱ ብስም ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ዝጀመሮ ተገዲሱ ተጀመረ። ብተወሳኺ'ውን ንብዙሓት ኣብ ናይ ሰዉራ ውሑዳት ዝነበሩ ኤርትራውያን ኣዳኺሮሞ፡ እንጽቢ ብምዕጣቕ ንዕዳጋ ይሰርሑ ነበሩ። እንተኾነ ግን፡ ወሰሓቲ ጀብሃ ብዛዕባ ታሪኽ ኤርትራን መንግስቲ ሕብረተሰብን እኹል ብምንባራ ዝበለጸ ሱቕ ዕላማን ዝሓንጸጸ ኣስተምህሮን ስለዘይነበሮም፡ ነቲ ንግዚኡ ምቕርሒ ካብ ይኹን ዝርከቡዎ ሃይማኖታዊ ስነባት ብምንጻግ ነቲ ውሽጦም ዘይፈልጥዎ፡ ካብ ቀዳማይ ሰበ.

*እድሪስ ሓሚድ ዓዋተ ሽፍታ ኣብ መጀመርያ ብግዝኣት ... ዝተገደደ ... ኣብ
ብንጹህ ሃገራዊ መንፈስን ቆራጽነትን ዝጋደል ዝነበረ ጀግና ኤርትራዊ ሐርበኛ ኢዩ፡፡

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

ኣጋጣሚ መነጉብሮ ዝነበረ ህዝቢ መሬታት ኤርትራ ብቕልጡፍ ክውረሶ ክኽእሉ::

ኣብ ወጻኢ፡ ማለት ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ክኸውን ከሎ ሰብኣይ ግዜ ብምዋቓም ካብ ጠቕላላ ፈሊጣት መስፍናውያን መንግስትታት እንተኾነ ብስመ ምስልምና ዉላድነትን ሓገዝ ክረኽቡ፡ ብዙሓት ሓይሎም ኣብ ሓጺር ግዜ ክውድቡ ክኢሎም። ካብ መምርሒ ክምዚ ስለዝነበረ ፡ ድማ ክንዮ ናቶ ሰለሙ ክውሳብ ሕጂ ዕንቅፋት ናይዚ ሎሚ 5 ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሰውራዊ ጉዕዞ ክውድቡ ጀሚሮ::

እቶም ንናይ 1961 ብረታዊ ተጋድሎ ዘጀመረ መሪሕነት ኣብ ፈሊጡር መስርሒ ኣተሓሳስባ ዝመስረቱ ብምንባሮም፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ ምጅማሮም፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ሕሉፋት መንግስታት ምእንቲ ክሰምዕ ወይ ቁሩብ ምእንቲ ክገብሩ፡ ውሑዳ መዓልታት ተሓቲሑ ክረክቡ፡ ንዓቶም ክም መሰረት ናይ ህዝቢ ኤርትራ መሪሕ ኣብ ጦርነታት ሕሉፋት መንግስትታት ክፋ ኢሎም ብምፍላጦም ናይነት ኤርትራ ተቓወምቲ መሪሕነት ናይ ናጽ ኤርትራ ንምንጻግ ነበረ ::

እዚ ብዘይ ህዝቢ ኤርትራ ብሓገሩ ሰውራት ክናተፍቶ ብዘይምዕባለ ሰብኣት ክናተሓዙ፡ ነቲ ኣብ ዉሽጢ ገጠር ዝነበረ ሃገራዊ ክፍልታት ንጀብሃ ብምፍላጥ ፈሉ ብምጅባር፡ ብጅሆ ... ካብ ክበሳ ክይተረረ ብብዝሒ ተቓንበሮ:: ሰብኣት ሃይማኖት ኣብ ጀብሃ ክም ዘለዎ ቀዳሚ:: ብሕሉፊ እቲ ኣቐዲሙ ብርክት ዝበሉ ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ተጋሩ ማእከላይ ክብ ኣብ ናይ ምምሕዳር ምእንቲ ክምዝዕብሉ ሃይማ ዋናዊ ሕብረ እናኸሰሩ ተበሲሑ ቀንዲ ስርሓቶም ቀጸሉ:: እንተኾነ ግን ኣብ ጀብሃ ምእንቲ ዝነበሩ ተጋደልቲ ኣብ ሓዊ ሃይማኖት ጥራይ ከይነበሩን ኣብ ክልቲኦም ሃይማኖታት ብምንባሮም መሪሕነት ጀብሃ ነቲ ሓደ ወገን መሸገሪ ስለዝወሰኑ ክብ ካልኦት ብዙሓትም::

ኣብ ተበላሲዩ ኩነታቶም ንምፍታሕ፡ ክምቲ ናይ ኣልጀርያ ገድሊ ብዕጥቃዊ ዓቕሚ ገዲፉ ኣብ ማእከል ጌሩ ንሰራዊት ኤርትራ ኣብ ዓሌት፡ ፈሊጥካ ምውዳድ ንገድሊ ክበርታዕ ኢዩ፡ ብዝብል ንዕላማ ንሰራዊት ኤርትራ ኣብ ዓሌት፡ ዐንተ ወይ ሃይማኖት ተፈልዮም፡ ቅድሚ ኣብ 4 ዞባታት ድማ ኣብ 5 ክፍሊታት* መቐቐሉዎ:: ኣዘን 5 ክፍሊታት ክዘኸን ክትመርሕ፡ ሰውራዊ መሪሕነት (Revolutionary Command) ንእብሃል ድማ ኣብ ከሰላ ቆመት:: ይኹን'ምበር 5ቲኤን ዞናታት ዝጎንጸን፡ ብክፍሊ-ዕዮን ኩንዲዳን ዘይተኸፈለ፡ ብበይኑ ዝፈልጣ ሓይሊታት ነበራ:: ምኽንያት ክምቲ መሪሕነት ጀብሃ ዝበሎ፡ ክምዚ ገድሊ ምንቅስቓሱ ዓቕሚ ጠቓሚ ነይሩ ይብሃል:: ግናኸ ክንዲ ዝኾነ ዝበሎ ኣገዳሲ ዝተኸፋፈለ፡ እቲ መሰረት ክፍፍል እንታይ ነበረ፡ መጀመርያ ነቲ ዝነበረ ሰራዊት መርዲእካ ክም ሓደ ሓይሊ መጠን ብእሩባውያን ክሰርሓሉ ዝተመደበ ዝተ ...

* እተን ሓሙሽተ ክፍሊታት ብኸምዚ ዝስዕብ ተመቓቒለን ነበራ:- 1ይ ክፍሊ ናይ በርካ ምድሪ: 2ይ ክፍሊ ናይ ባርካን ባዕታዊያን: 3ይ ክፍሊ ናይ ሳሕል: 4ይ ክፍሊ ናይ ሰምሃር: 3o

5ይ ክፍሊ ከኣ ናይ ከበሳ::

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

ወሃሃቢን ክኸውን ነበሮ። ከምኡ'ውን ኣብ ዝነበረ ውሽጣዊ ጥርጣረታት ብዝምልከት ንምሉእ ሰልፊታትና ክርኢ ብዘይ፣ ዶክተር'ዶ ሎሚ እቲ ስርዓት ሰራዊት ኣብ ከንደይ በብዓል፣ ከከም ስራሑ ክሰርሖ ምተኻእለ። እንተኾነ ግን መሪሕነት ጀብሃ ንዝኾነ ይኹን ሽግር ንምፍታሕ ክህቦ ዝኽእል፣ መጀመርያ ናይ ገዛእ ርእሱ ጥቕሚ ስለዝርኣየ፣ ንሃገራዊ ፍታሕ ክይቀርብ፣ ንጎድኒ ብምግዳፍ ንሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ፋሕ ብትን ኣብጽሖ።

ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ምስ ተበተነ ኣብ መንጎ'ቶም ክፍሊታት ብርቱዕ ናይ ውድድር ህልኽን ቅልውላውን መንፈስ ተሰርጸ። ንኣብነት ክፍሊ ዕጥቂ ብረትን ስንቅን ብዘይምዕራይ ሎሚ፣ ገሊኦም ርሱሓት ገሊኦም ውጹዓት፣ ገሊኦም ጽሙኣት ገሊኦም ስሩዓት ነበሩ። በዚ ምኽንያታት'ዚ፣ ሓንቲ ክፍሊ ካብ ካልእ ክፍሊ ኣቑሑት ንኽትወስድ ወዘተ ኣብ ክንደይ ገለጻታት ኣብ ከንደይ ገበኣዊን፣ ሕሉፍ ሓሊፉ፣ ክሳዕ ዕጥቂ ብረት ይርከብ ነበረ። እቲ ብሓንቲ ኣብ ሰዓት ሓንቲ ... ዝወሰዶ ዝነበረ ... ክንምርቲ ... ኣብ ... እቲ የዋህ ገጠርን ሰብኸተማን ህዝቢ ኤርትራ ማእከሉ ዘይብሉ መዓትን መከራን ኣውረደ። ንኣብነት እኳ፣ ኣብ ሰንበረ ዝተባህለ ቦታ ካብ 50 ዝበዝሑ ገዛውቲ ተቓጺሉ፣ ኣብ ኣውራጃታት ሰንሒትን ከባቢኡን ... ብዙሓት ቀሺታት ተገዲሉ፣ ማርያ ዓድርታ ቪላ ዝኣመሰሉ ከባቢ ካብ ... ሰራዊትን ጉጅለታት ሓንቲ ... ንክፋእ እቶም ... ጸሊም ... ሰላማዊ ህዝቢ ተሓሪዱ፣ ብዙሓት ዝኾኑ ተዓፊኖም ተቐቲሎም። እዚ ኩሉ ግፍዒ ከይኣክል ከሎ ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ሩጉብ ንምግባብ ዕድመ ሰራሕተኛታት ወይ ሰብኣዊ መሰል ፍትሒ ክይረክቡ፣ እንጀራ ብልዓቶም ዝበኮ ተጸናኺሩ ሎሚ ፈረር ጥይት ብሻውቲ ነሮ። ጸገሙ ሎሚ በዚ ጀብሃዊ ግፍዒ ተመሪሑ ኣብ ዓመታት ሰማንያ ዝነበረ ህዝቢ ብሬሻ ዓዲ... ንርእሱ ምእንቲ ክኽእል ክንደይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ክሳዕ ይገድድ።

እቲ ኩሉ ዝተፈጸመ ግፍዒታት ተመሪሑ መሪ ጋንታ ክርከቡ ዘይክእል ጥሩይ ዘይ ክኸውን፣ እቶም ቀሺታት ክንዳን ሰላማውያን ክሓርዱን ንዕዋን ተጋዳልቲ ክቕተሉን ካብቲ ብወለንታ ሓደንቲ ... ብሰረሓት ተዳኺሙ ዝተፈርዱ ኣይነበሩን። ብሰረሓት ምፍራድ ይትረፍ፣ ብዘይካ'ቲ ንፍሪ ወርቂ ግፍዒ ካብዚ ዘፈጸመ መራሒ ጀብሃ ካብኡ ሰብ ነኹ ተጋዳላይ ስለምንታይ ኢዩ ዝተገበረ'ሞ ክይፈለጥዎን ኢዮም። ምኽንያቱ መቕዘፍቲ ናይቶም ዝቐትሉ ገበራትን ተጋዳልትን፣ መንግስቲ ናይቲ ዝበሉ ቀሺታትን ካህናትን ካብ ሓደ ኣቢሉ ክይተፈልጡ ገበርቲ ብርግጽ ክይተፈልጡ፣ ካልኦት ኣይ ከኣ ሓድሕድ እንታይ ... ክሳብ ሰይቲ ሰብኣይ ቆልዓ ደቂ ... ሕጂ'ውን እንተኾነ መራሕቲ ቀጻሊ በቲ ቀልጢፎም ዝፈጸሙዎ ግፍዒታት ኣብ ክንደይ ምስትውዓል ብዝኾነ ሰብ ነበረ ... ከይተሰምዐ ሓቀኛ ፍትሒ ክንዝኸረ ዝኾነ ጥዑም መልክዕ ይህብ፣

" ሰራዊት ጀብሃ ካብ ዝቐትሎም እቲ ካብዚ፣ ብፍላይ እቶም ዘይተርፍ ብሓይሊ ካብ ገዛ እናወሰዱ ምዕጋብ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ርእሶም ምቕራጽ፣ ኣፍ ምብታብ፣ ምግባ

ምስኮስ ማሊ ምምህራና፡... ወዘተ። መዓልታዊ ስምዒ ነበረ። ግናት ህዝቢ ኤርትራ እናተዘምተ ናዕዓጋታት ሱዳን ሰብገዞም ዐውሕዝ ነበረ። እታን ዝተወፃበኦ ክፍልታት ፊተ ነናይ ዓሌተን ጥሪትን ማዕን ምስ ኣብረሶ ኣብ ናይ ዘቓላሌተን ወገናት ኣምሳል ይኸውሉ ግርሚ ይፍጽማን ነበሩ። ዕስማ ገድሊ ነገን ለኪሙ ተረሰዐ።

«ክፍላታት ገድሊ ካብመዚ ኪሉ ናሕ ብቶን ምስ እተዎ፡ 5ይቲ ክፍሊ ንሰነ 1968 ና ናይ ኩሉም ተጋድሎ ኣሃዱ ንኽጋበር ናብ ኩሉን ክፍልታት ፅውዑ ስዓኽት። እብቲ ዝተወሰነ ዕለት 1ይን 2ይን ክፍልታት ስለዘይተረኸቡ ኣኼባ ኣብ መወዳእታ ሰነ ንክኸውን ዓጋማይ ቁጸሪ ተገብረ። ክሳብ እቲ ኣኼባ ዝግበር ካብ ላዕለዋይ ባይቶ (Supreme Council)* ኢዱ ክምጽእ ተገዘሉ። ሕጂ'ውን 1ይን 2ይን ክፍልታት ዓገመን ስለዝመጸኣ እቲ ቁጸራ ንኣሰሰይ ግዜ ተቐይሩ ንኸሳስ ተመሓላለፈ፣ ክሳብ እቲ ኣኼባ ፊተ ዝኽፈል ዓይነታት ክፋኣት ክዲባበር ተወዓዓሉ። ኣንተኾነ ግን 2ይ ክፍሊ ነቲ ውዕል ብምጥሓስ እቲ ኣኼባ ስለዘይተ መዓልቲ ክተርፎ ካብ ክፍላት ሓሊሓሊ ምስ ዲካኺ ገጠመት፣ 1ይ ክፍሊ ካብ ኣብቲ እዋን ኣኼባ ንላዕለዋይ ባይቶ ክንቅበል እሉም ነበረ። ክፍላት ሓሊሓሊ ብዙሕ ብቐዐ ምቅርራብ፡ ኢ.ጸ.ሩ ንምጥፋእ ዝተሓ- ብምንፃፍ፡ ናብ ሜዳ እቲ ዝሰዝሓ ተጋዳላይ ምስ መራሕትም ብብሕ ተሰውኡ።

ብድሕሪ'ዚ እተን 3 ክፍልታት ነቲ ናይ ኣኼባ ብመሓለቲ 1ይን 2ይን ክፍልታት ዝኣረሞ ዝነበረ ተንኮላት ብምግንዛብ ናይ መወዳእታ ስምዕታ ሂበን ኣኼባ ንምዕዳድ ኣብ ዓንሰባ ንክግበር ዕድመን ኣቕረባ። ኣኼባ ዓንሰባ ፊተ ብመሰረቱ 1968 ብተሳታፍነት 3ይን 4ይን 5ይን ክፍልታት ተዓሪ ተገብረ፡ ብስምምዕ ስምረት ሰለስተ (Unity of the Three) ተመስረተ። እዚ ዝሰዓበ ውሳኔታት'ውን ኣሎ ነዚ:- (1) ሕቡር ሰራዊት ምቛም፣ (2) ሓፈሻዊ ማሕበራዊ መሪሕነት ሰራዊት ኣብ ሜዳ 12 ኣባላት ዘለዎ ምምራጽ፣ 3) ሃብቲ (ብሩር፡ ስንቂ፡... ወዘተ) ገድሊ ኤርትራ ኣቶኣኻርኒብ 6 ኣባላት ዘለዎ ካሚቴ ምምራጽ፣ (4) መርማሪት ኮሚቴ ብ5 ኣባላት ምቛም፣ 5)ን ክሎ ብኻልኦት ዝተርጋሕ።

ስምረት ናይ 3 ክፍልታት ኣናማዕባሉ ክሰጉሞ ስለዝጀመረ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ተስፋ ኮይኑዎ ነበረ፡ ንመዓስከር ጸገሙ ፊተ ራዕዲ ኣሕተረሉ። ኣብ ውሽጢ ገድሊ ኤርትራ ንመቐመርያ ግዜ ንጸኣኺ ካብ ዝነበሮ ዝኾነ ጸቕጢ፡ ህዝቢ ኤርትራ

«* ላዕለዋይ ባይቶ እቲ ዝለዓለ መሪሒ ስልጣን ናይ ሰውራ ኤርትራ ነበረ። ኣባላቱ እድሪስ መሓመድ ኣደም (ፕረዚደንት)፡ ተድላ ባይሩ (ምኽትል ፕረዚደንት)፡ እድሪስ ግላውድዮስ (ናይ ወተሃደር ሃላፊ)፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ (ዋና ጸሓፊ) ነበሩ። ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ከይተኸተለ፡ ንሰውራ ኤርትራ ካብ ወጻኢ "ክመርሖ" ይህቅን ነበረ። »

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

12

ከመይ ክብሉ፡ ኣብ ዓወት ክም ዝበጽሑ ክሕብሕብን መንገዲታት ክሓስን ተጀመረ:: እዚ ልዕሊ ንህዝቢ ክዝቶ ክሓጕሶ:: ንስምረት ሰለስተ ብምዕጋፍ፡ ን1ይን 2ይን ክፍሊታት ክወጽእሉን ንክሳተፉ ክሕረኽሉን ክኢሉ ተራእዩ:: እንተኾነ ግን ስምረት ናይ ምሉእ ሰራዊት ሓርነት እርትራ ውርቃዊ ግዜ ብ1965 ኣብ ክሳብ ዝጀመ ሰውራዊ መሪሕነት ዝበሃል ፍጹም ንጅሀ ዘሰዕብ ስእዝነበረ፡ መሪሕነት ጀብሃን ክመስረቶምን ንስምረት ክብርቲ የም ተቓወሙ:: ይኹን እምበር ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ሓይሊ ህዝብን ምዕባሌ ስምረት ሰለስተን ስለ ዘፍለጦም፡ ብሓይሊ ስልቲታት ክበስሩ ተገደዱ:: እዚ ዕድሚ ናይቲ ብንኡሳት ተጋደልትን ህዝብን ዝፈለ ዝነበረ ሓይልታት ሰጋሕን ሰፊሑን ተመሪሑ፡ ብንዑኝ ዝምችኦ መንገዲ ስምረት ክምጺእኳ፡ ንቶም ናይ ቀደም ክመስርቲ ቆንጸሮም የታ ኣውጺኡዎ፡ ንቶም ዝቃወሙዎ ቀንጺልዎ፡ ንሰልጣንኩ ሕጋዊ መሰረት ብምልባስ ናብቲ ናይ ቀደም ስርዓቱ ንምምላስ ነበረ::

ኣብዚ ብስሓትዚ ተፈሪሙ መሪሕነት ጀብሃን ካሪካቶምን ንምሉእ ሰምረት ናይ ሰራዊት ሓተተ'ሞ፡ ካኡን ክፍሊታት ዝተረኽቡሉ ጉባኤ ብ12-25 ነሓሰ 1969 ኣብ ኣደብሓ ተገብረ:: ኣብ ጉባኤ ኣደብሓ መሪሕነት ጀብሃ እቲ ዝተመስረተ መሪሕነት ናይ ጽምዲ ብሰማ ምኽንያት ክይሰዓሞም መብዝሕትኦም ካባታ ካብቶን 2 ክፍሊታት ንክኸውዉ ብዙሕ ፈተነ:: እቲ ንጹህ ተጋዳላይ ግን፡ ፕሮፖ ኣጠቓቕማ ፈኺ ክንድዕ ናብ ሰበም ተመስሒሑ'ምበር እዚስ ዲኻ፡ ብሓኪት ነቲ ዝሓተቶም ብዝሒ ቀጽሪ ኣብ መሪሕነት ክይተቓወመ ተጎሚ ምዕ:: በዚ መሰረት'ዚ ኣብታ ብ38 ኣባላት ዝቖመት ጠቕላሊ መሪሕነት (General Command ወይ ቅያዲ ዓማ) እቶም 20 ካብ 1ይን 2ይን ክፍሊታት ክወጹ ክስዉ፡ እቶም 18 ድማ ካብ ስምረት ሰለስተ ተመረጹ:: ኣብ ርእሲ'ውን ኣብ ክንዲ ብሬማክራሲያዊ ኣገባብ፡ ብፍሉይ ተጋዳላይ ዝተመረጹ እቶም 20 ኣባላት በቶም መራሕቲ ዝተሓርዩ ነበሩ:: እቶም 18 ኣባላት ግን ብቀጥታ ናይ ተጋዳላይ ካብ ስምረት ሰለስተ ተመረጹ:: ኣብ ጉባኤ ኣደብሓ እዞም ዝስዕቡ ውሳኔታት ሓለፉ:-(1) ምቛም ጠቕላሊ መሪሕነት ኣብ ሜዳ፤ (2) ምፍራስ ሰውራዊ መሪሕነት፤ (3) ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ሃገራዊ ጉባኤ ምግባር፤ (4) ምፍራሱ ካባት ናይ ከዕካዊ ቦዶታት ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ፤ (5) ምድላው ኣሰናዳኢት ኮሚቴን ተመራማሪት ኮሚቴን፤ (6) ክሳብ ሃገራዊ ጉባኤ መንም ተጋዳላይ ከይእሰር ክይቕተል፤ (7) ንምሉእ ሰራዊት ምኽባብን ምትሕንፋጽን::

ጉባኤ ሓሊፉ እቲ ሰራዊት ተሓጕሱ ብዓቢ ተስፋን ሃረርታን ኣብ ስርሑ ክሳተፍ ኣብ ዝጀመረሉ ግዜ፡ ሃንደበት ሓንቲ ዘይሕጋዊት (ኣብ ውሽጢ ዘይነበረት) ጉጅለ ክፍሊ ጸጥታ ተባሂላ ቆመት:: እዛ ናይ ጸጥታ ጉጅለ'ዚኣ፡ ምስ 3 ኣመሓደርታ፡ ብብዝሒ ካብቶን 1ይን 2ይን ክፍሊታት፡ ሓቂ ሓቂ ሰሓብቶም ድማ ካብ ስምረት ሰለስተ ካቕዲ

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

እም ዘጁመዋ ነበረት። ብኹሉ መዳቡ ዘይተፈለጠ ኣካል ብምቑፃ ንፈ ካባባት ጠቕላሊ መሪሕነት ብዛዕባ ግቡእ ኣሰሩ። ነዚ ማእሰርቲ'ዚ ሕጋዊ ንምግባር ሓንሳእ ነቶም ዝተረፉ ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት ክናዝዙ ክረርሙ ኣቐኑ። ኣብ መጨረሻ ካብዚ ክናገሩ ከሰዉ፡ ኣብ ማዕዶም ድማ ነቶም ማሕበርና ክስተውዕሉን ክፈልጡን ይኽእሉ እዮም ዝበልዎም ምኽንያት ጀመሩ። ካብዚ መቕተልቲ'ዚ ንምምላጥ ዝሰለመ ልዑል ሓሳብ ኣዳቢሉ ነዚ ምኽንያት ብምግባር፡ ንኹሎም ዝፈልጡዎን ሰከምቲ ዝህቡዎን ማሕረር ኣውረደሎም። ካብዚ ኢሎም ኣስታት ፫፻ ተጋደልቲ ተቐትሉ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ መጀመርታ ኤርትራ ሕንፍሽፍሽ ኣተዎ፤ ዝስልጦ ሰለመ፤ ዝሃደሞ ሃደመ ዝተንጠልጠለ ተፈንጠለ፤ ኣብ ጎቦ ዝተደበቐ ደበ፤ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ድማ ፋሕ ጠንጢሉ በሉ። ብዙሓት ዛገሮም ገንዘብን ተጋደልቲ ካብ ሽዑ ንደሓር ኣብ ቀጽሪ ጅብሃ ኣይኣተዉን ከዕዩ ካብ ዘይከኣሉ ካብ መሪር ተመክሮኦም ብቕዓት ትምህርቲ ቀሰሙ። ንህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ ጅብሃዊ ግዕዝይ ንምርዳእ፡ ካብ ሰሙ ሃገሩ ንምእላይ፡ ንመቕጺ ድሕነቱ ንምግዳል፡ ንግዜኡ ካብ ጅብሃ ተፈልዮም ንካልእ ተሰሓቡ።

ኣቶም ኣብቲ ሃይማኖታውን ወገናውን ብሄራውን ውዱእ ጅብሃ ዝሃደሙ መራሕቲ ኣብ ሓደ ተኣኪቦም ብሓደ ኣቢሉ ንደንከል ኣተዉ። ብመጋቢት ፲፱፻፸ ኣብ ሰዳሓ (ደንከል) ዝተባህለ ቦታ ኣኼባ ገይሮም ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት (People's Liberation Forces ወይ ሻዕብያ) ብዝብል ተተኸሉ። ብድሕሪ'ዚ ገለ ኣካል ሓይሊ ኣብ ደንከል ክጸንሕ ክሎ ገለ ድማ ንጋሕሊ ወረደ። ኣቲ ኣብ ደንከል ዝተረፈ ሓይሊ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ምስቲ ካብ ቃሃሊ ዑና (ቅድሚ) ተፈልዩ ኣብ ደቡባዊ ኤርትራ ዝጸንሐ ሓይሊ ብምርኻብ፡ ክልቲኦም ብስም ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት (ህ.ሓ.ሓ) ፩ይን ፪ይን ክፋል* ንክፍለዉ ተሰማምዑ።

ኣቲ ኣብ መጀመርያ ዘቀረብናዮም ሕቶም ጭፍራ ጅብሃን ህዝቢ ሻዕብያን ብሓባር ተቓውሞ ሓይልታት ኣይነበሩን። ድሕሪ ቁሩብ እዋን ህ.ሓ.ሓ ፩ይ ክፋል ኣብ ኣምባሳ (ደንከል) ዝተባህለ ቦታ ኣኼባ ገይሩ ሰልፊ መሪሕነት መረጸት፤ ኣቲ ኣብ ወጻኢ ዝነበረ መሪሕነት ክሳብ ሕጂ ነጸገት። ካብኡ ነቲ ኣብ ወጻኢ ዝነበረ ሰልጣን ንምምላጥ ወከልቲ ንምሕካካይ ምብራቕ ሰደደት። ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ (Eritrean Liberation Forces ወይ ዑባል) ተባሂሉ ኣብቲ ኣብ መዓስከር ዓዋተ ዝተገብረ ኣኼባ ካብ ቅድሚ ዝተፈንጨለ ጉጅለ'ውን ነበረ'ሞ፡ መራሕቲ ብገዛእ ቀይሖም ንምሕካካይ ምብራቕ ወጹ። መራሕቲ ህ.ሓ.ሓ. ፪ይ ክፋል ድማ ብወገኖም ብዓሳዊ ሓገዝ ዝረኸብዎ መንገዲ ንምድላይ ናብ

* ፩ይ ክፍሊ ኣቲ ኣቐዲሙ ኣብ ሰዳሓ ቁሪሙ ዝነበረ ሓይሊ ክኸውን ከሎ፡ ፪ይ ክፍሊ ድማ ኣቲ ኣብ ከበሳ ዝጸንሐ ሓይሊ ነበረ።

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

ማእከላይ ምብራቕ ነበረ:: ከምኡ እውን ብሳዕቤኑ ካብ ሜዳ ምስ ወጹ:: ኣብዚ መሪሕነት ወይ ሰራሕተኛታት ናይዚ 3 ሓይልታት ምስዚ ሕጂ ብስም ሰራሕ ወጻኢ ጉዳይ (Foreign Mission) ዝፍለጥ ተመዲቦም ካብ ... ካብ 12 የካቲት 1972 ኣብ በይሩት ዝርርብ ገበሩ:: ኣብቲ ዝርርብ'ቲ ከርባዕቲኦም ኣካላት ዝተሳተፉ ሓይሊ ስለዝነበሩን ኣብ ውሽጥኦም ናይ ፖለቲካ መስርዕነትን ይትረፍ ናይ ገዛእ ርእሶም ዘይብሎምን ይርከቡ ነበሩ:: ስለዚ እቲ ቀንዲ ዕላማ ናይ ተጋደልቲ ኣብ ሓፈሻ ኣብ ሜዳ ክጋጠሙዎም ዝነበሩ ህዝባዊ ሽግር ንምቅላስ ስለዝነበረ፡ ኩሉ ንግዚኡ ዘዘውጽእ ተሰማሚዑ ነናብ መዓርፎ ተሰናበቱ::

ኣብ ናይ በይሩት ዝርርብ እዚኦም ዝስዕቡ ቀንዲ ውሳኔታት ተገብሩ:- 1) ስሌሕ ክልተ ክፋል ዝግበር፡ 1ይን 2ይን ክፍልታት ካብ ህ.ሓ.ሓ. መገዲ ብዘላቶም ውሽጣዊ ምምሕዳሮም ክድፍኦም ክምድቡ፤ 2) ነቲ ካብ ወጻኢ ዝመጽእ ሓገዝ ናይ ሽግራት ንዝርካቦም ስንቂ ብማዕርነት ክመቓረሉ፤ ነዚ ኣተግባሪ ንተቖጻጻርን ሽማግለ ሰለ ካብ ኩሉ ወገናት ክቐውም፤ 3) ህ.ሓ.ሓ. መስርሕ ካብ ቅድሚ ዝተፈልየ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ (ሓ.ሓ.ኤ.) ናይ ምትሕብባር መደብ ክውዕል ብሓባር ክትዕወት፤ 4) ነዚ ኣብ ውዕል ኣትዩ ዘሎ ሓይልታት ኣብ ቤዳም ክትውከል ሰራሕ ወጻኢ ጉዳይ ምሕዛም፤ 5) ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመት'ዚ፡ 1972፡ ናይ ኩሉን ሓይልታት ጉባኤ ተገይሩ ሃገራዊ ስሙር ግንባር (National United Front) ክምስረት::

ብድሕሪ ህ.ሓ.ሓ. እዚ ኣትረተገበረ ነበረ፡ ብወገን ቅዱስ ዕማ ነቲ ኣብ ህ.ሓ.ሓ. ዝሰዓበ ዝነበረ ምዕባለ ንምድምሳስ ሸጉብጉብ ይበሃል ነበረ:: እቲ ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝነበረ ንውሱን ዕላማ ናይ ቅሉዕ፡ ሓይሊ ስልጣናት ብምዕዛንካ ነቲ ምንቅስቓስ ሽፋቱ ሕጋዊ ንሰብ ምስልጣን ግሩፕ ነበረ:: ነዚ ዕማ ክትግብሮኣ ጀመረት:: ብመጋቢት 1971 ኣብ መዓስከር ዓቀተ ወተሃደራዊ ጉባኤ ዳውዳ፡ ሓዲሽ ተመራጺት ኮሚቴን ካልእ ፍሉያት ኮሚቴን ንቕድማ፡ ነቲ ግዜኡ ሓሊፉ ዳርጋ ሪብዓ ዝነበረት ሃገራዊ ጉባኤ ክትጋብሮ ምኽንያት ኣወጸት:: ንብዙሓት ካብቶም ኣብ ጉባኤ ክዕድም ተመሪጾም ዝነበሩ ሕጋዊ ካባሳት ናይ ኣስናፍ ኮሚቴ ብካብ ወጻኢ ዝነበሩ ኣመራጽ ኣገለገልቲ፡ ህርፋን ሽፍትነ ሓይሊን ዘጥቅዕዎም ብሰዓትቲ ንእሰ-ርእሰማላዊ ምሁራት ተባሂሎም፡ ንሓድሕዶም ካብቶም ቀዳሞት ካባሳት'ውን ንሰሙ ዓዲ መጽ:: ነቲ ሃገራዊ ጉባኤ ዝብል መዝሙር ዓዲካይ ወይ ጸጋማዊ ቅርጺ እናሃብካ ብምዝርጋሕ ንሓድሕድ ኣብ ግዳም ዝነበሩ ገድሊ ኤርትራውያን ካብ ሓሳብ ንግዚኡ ንብዙሓት ወዳኣተኞታት ከታልሎም ክኢሉ:: ዝኸይድ ዘሎ እቲ "ሃገራዊ ጉባኤ" ዝበሃል ብሓርነት 1971 ተገብረ::

ካብቲ ኣብዚ ሽሓላዊ ጉባኤ'ዚ ዝሓለፈ ውሳኔታት እዚኦም ዝስዕቡ ክንጠቅስ ንኽእል:- 1) ሃገራዊ ሰልፊ ማእከላይ ዕላማ ህዝቢ ኤርትራ ምኻኑ ንኽንፈልጥ፤

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

2) ሜዳ ኤርትራ ብዘይካ ሓደ ሰውራ ኣብ ትሕቲ ሓደ ውዳበ ብምምሕዳር ሓደ መሪሕነት ካልእ ክቕመም ከምዘይክእል የርእዩ ፤ 3) ኲናት ብሄራት ማዕረ ኢዩ፣ ውግኣት ብሄር ንምህናጽ ዝሃቕን ፈጺሙ ዘይሃገራዊ ይቕጽር ፤ 4) ተፈልዮም ዘለዉ ፈቓዶ ውድባት ግዜ ኣብ ትሕቲ ዩምምሕዳር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ክንዝተመሓደሩ ብሓይሊ ክንዝልኦም።

እወ፡ ሃገራዊ ስምረት ኣብ ጉዳይ ዓወት ዘለዎ ቀዳሚ ስጉምቲ ኢዩ ፤ ብዘይ ሃገራዊ ስምረት'ውን ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ ልምኩራሰያዊ ሰውራ ከምውን ኣብ ዓወት ክበጽሕን ኣይክእልን ኢዩ። እንተኾነ ግን እዚ ስምረት እዚ ኣብ ብሃገራዊን ንጹርን መትከላት ዝተሃነጸ ሃገራዊ መስመር ዝተመስረተ ክኸውን ናይ ግድን ኢሉ። እቲ መንቀሊ ምኽንያት ናይ ሰልፊ ሓርነት ኤርትራ ካብዚ ዝነበረ (ዘለዎ) ኩነት ውሽጣዊ ግርጭታት ካልኦት ብዝም ኢና ካብ ብምዝርራብን ምርድዳእን ውሽጣዊ ተጋድሎን ክፍታሕ ምተኻእለ። ግናኸ ተበለጽቲ መራሕቲ ቅያዳ ኣለም ኣይመረጽዎም፡ ብመጻኢ ዕድል ናይ ተጋድሎን ፍሕሶታትን ህዝቢ ኤርትራ ከይተገደሱ፡ ነቲ ኣብ "ሃገራዊ ጉባኤ" ዘሕለፍዎ ፋሽስታዊ ናይ ምጽፋእ ዓሌ ውሳኔ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ባርዕ ኣንፈት ሓድሕድ ወረውረ ንገድሊ ኤርትራ ንፈሓሪት ብምንታት ፈጺሞ ንህዝብን ተጋዳላይን ኤርትራ ኣዲ ሞትን ፍሕሶን ገበሩ። እዚ ፋሽስታዊ ተግባራት እዚ ፈጺሞ ንቅያዳ* ብኽንገብ ልዑኽን ብምውዳእ ግብርን ብርግጽ ምስ ጸላኢ ኣሰሩ።

ብ22 የካቲት 1972 ን.ሓ.ሓ.ኤ. ሓበ ወዲቕም ኣብርቲዖም ስለዝወሰዱዎ፡ ካም ... መጠን ዓርን ክፍጻምስሩዎ ነበሩ። ዝምቱ ቀዲሞም፡ ዝሰልጠ ሰራዊቶም፡ እንደም ዝተሪፈ ናብ ህ.ሓ.ሓ. መጺኦም ተሓወሱ። ካብዚ ቀዲሙ ቅያዳ ንጊዜ ክፍሊ "ንስኻትኩም ካብ ቀዲምኩም ኣትኪዙ ውግኣት ስለዝነበርኩም ክይንቕንቕዩኹምን ኢና" ብምባል ገለፋ ን ህ.ሓ.ሓ. 1ይ ክፍሊ ጥራይ ፈለይ ክትወግኦ ጀመረት። እዚ ፈጺሙ ብንሕሰ ዘይኮነስ ን ሓ.ሓ.ኤ.ን ን ህ.ሓ.ሓ. 1ይ ክፍልን ምስ ወድኣት ፈጣሪ ... ብኽጽዋር ውጽዕቲ ዝነበረት ህ.ሓ.ሓ. 2ይ ክፍሊ ክርክቦ ኣኽኪሉ ኢዩ፡

* ምስዚ ዝተተሓሓዘ፡ እቲ ኣብቲ ቅያዳ "ሃገራዊ ጉባኤ" ዝገበርዎ ኣዋጅ ዝነበረ ሓፈሻዊ ኩነታት ንትሓዝቢ ክመስከት፦ 1) ፕሬዚደንት ኑመሪ ናይ ሱዳን፡ ምእንቲ ነቲ ኣብ ሊብያዊ ሱዳን ዝነበረ ናይ ኣንጻንጻ ምንቅስቓስ ክልቀቕ ምስ ሃይለስላሴ ብዝ ምሽጥር ከንክር ገድሊ ኤርትራ ውዕል ክትቀ፡ ንንኡሳት ተጋዳልቲ ይሃቡን ይኽሰርን ነበረ። እዚ ክናገር ግን፡ ንመራሕቲ ቅያዳን ኣጋይሽኦምን ብምእንጋዕ ጉባኤኦም ንኣሰናዳኡን ንክገብሩን ብዙሕ ሓገዝ ተቓውሞ ፈጺሞም። 2) ብዙሓት መንግስትታት ዝተፈላለዩ ወገናት ተሳታፊ ኣብቲ ጉባኤ ካብ ምስታፍ ይንገር። ሓደ ብሰም ... ዝወደቑ ካብኦም'ውን ኣብ ካይሮ ምስ በጽሐ ናይ እስራኤል ሰላይ ኣይኮነን ብምባል ተኣሰረ።

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

ብዝብል ሰዕቲ ነበረ። የግዳስ ካብ መውሳእቲ ክድሕሩክዎም። ህ.ሓ.ሓ: 1ይን 2ይን ክፍልታት ምስቲ ዝተረፈ ሓይሊ ናይ ሓ.ሓ.ኤ. ብስምረት ብረሊን ካንትር ቅድሚ ብምቅላስ ንርእሱን ክህልዎ ጣዕሚ። ኸሕ'ዛ ካብ መሰረትና ውሑዳት ተጋደልቲን ውሑድን ንድዋርን ክንተሳበሉን፡ ተጋደልቲ ብዘይፈልጥ ወተሃደራዊ ስልጠናታት ንዝተማህሩ፡ ኣብ ፈዕሊቲ ክመሃርን ዝመጽኦ ዝነበረ ቅዱሳዊ ሓይሊ ዘይተዋስኦ ዓወታት ብዙ ንንዓይን፡ ሕጂ ነዕድዮም ሰለሎ ክእንቶን ጀመረ።

ህልዋት ሓደሕደ ኣገዳሲ ምስ ካሊ ናይ ሰለስቲኦም ውሽጣዊ ምምሕዳራት ብብርኽቲ ምምሕዳር ንሰራሕ ዕንዩነት ንክዕዶ ተረኺቡ፣ ኣድላይነት ማሕበራዊ መሰረታት ተራእየ። ብምቅጻል 1972 ናይ ዓቢኡ ምምሕዳራት ተኸሊቦም ሓደ ማሕበራዊ ምምሕዳር ንምምስራት ተሰማሚዖም። ነዚ ሓዱሽ ምምሕዳር'ዚ ዝመርሕ ሕንጻጻት ወሲኑ። ብዚ መሰረት'ዚ ዕላማ ሓደ ማሕበራዊ ኣማሓዳሪ ክፍሊ ተመሪጹ፣ ክፍሊ ዜናን ፖለቲካዊ ንንቕሓትን፡ ክፍሊ ዕቃብ ብረት፡ ክፍሊ ጸጥታ፡ ክፍሊ ጥዕና፡ ክፍሊ ገንዘብን ስንቅን ኣብ ትሕቲኡ ሒዙ። ኣቲ ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ምምሕዳር መሰረታት ክፍሊ-ሰራሕተኛ ነቲ ኣብ መንጎ ኣተን 3 ምምሕዳራት ዝነበረ ናይ መሳርሒ ፍልልያት ሕንክ መፍትሒን ንምድምሳስ፡ ሰራሕ ምምሕዳር ንምዕራይ፡ ሓዲሽ ብስሩዕ መንግስቲ ንዝተዳለወ ምምሕዳራዊ ንምምራሕ ነበረ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ክሳዕ ሓደሕደ ንጊዜኡ ካብ ኣብ መንጎ ዝደፍኡ ብዓል ኣብ ናይ ህ.ሓ.ሓ. 1ይን 2ይን ክፍልታት ንሕፈሻ ኣቀረበ ንዝሰፍሐ ብሰንኪ ናይ ፖለቲካዊ ትምህርቲ መደብ ተፈጺሙ። ... ፖለቲካዊ ንቕሓት ክፈጥሩን ክኢሉ። ኣዚ ገድሊ ተጋሂሩ ... 1973 ናይ ሰራዊት ህ.ሓ.ሓ. 1ይን 2ይን ክፍልታት ናይቶም ምትሕብባር* መሪሑ ሓዱሽ ማሕበራዊ መሰረታት ተመሲጦ። እዚ መሰረታት'ዚ ብ10 ኣባላት ዝቖመ (2 ካብኣቶም ኣብ ሃብታት ሓይሊ ... ሰውኡ ንኣዚኡ 8 ጥራይ ተፈሪዮም ኣለዉ) ክኾውን ነበረ፡ ኣብ ትሕቲኡ ዕላማ ሓሳብ ኣዋሰ፡ ክፍሊ ትምህርቲ፡ ክፍሊ ፖለቲካዊ ትምህርቲ (ህዝብን ወተሃደርን):

* ሓ.ሓ.ኤ. ግን፡ መሪሕነቶም ነቲ ዝወሃብ ዝነበረ ትምህርቲ ንክርስዕዎ ዘበለጸ ዑቑቦም ስለዝነበሩ፡ ኣብቲ ዝተገብረ መኸዳዕቲን ትምህርትን ብዙሕ ክቕቀሙ ኣይከኣሉን። ኣብ ህ.ሓ.ሓ. ናይ ወተሃደራት ምትሕንፋጽ ምስ መጸ'ውን፡ ሓ.ሓ.ኤ. ምስ 30 ዝኾኑ ተጋደልቲ ካብ ህ.ሓ.ሓ. 1ይ ክፍሊ ሰሊዮም፡ ብሓፈሻ "መሪሕነቶም" ተጋሊጾም ምትሕንፋጽ ኣበዩ። ብሚያዝያ 1974 ድማ፡ ህ.ሓ.ሓ. ኣናሰመንቶም ኣብ ኣስታት 90 ተጋደልቲ ንገርካ ወሊፍዎ ካልኦት ጠንቂ ቅድሚ ካልኦትም ብኸንቱ ሞሪሶም፡ ኣዮም ሃሪቖም ካብ ጥፋት ዘምለጡ ሒደት ናብ ህ.ሓ.ሓ. ተመሊሶም ተሓናፊጹ።

E N D

Source: Library of Congress

Aida Kidane, Sweden January 2008

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com